# ኣል ዳዕዋ

ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጽሔት ቁ: (38.) 04.2006 http://www.aldawa.de

## 6ይ ዓመታዊ ሙእተመር ፉልዳ
## ካብ 15 ክሳብ 18.06.2006

ማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ሙእተመር ፉልዳ ንዕለት 15,16,17,18 ወርሒ ሽድሽት ከም እተመደበ እናሓበረት :ንኹሎም ኣሕዋት ኣብዚ ሙእተመር ንኽካፈሉ ብትሕትና ትዕድም::

ንኹላትኩም ኣሕዋት ንሙእተመር ብዝምልከተ ሓሳባት ብ ጨናፍርኩም ኮነ ብኣድራሻ ማሕበርና ንኽትልእኩልና ካኣ ንላበወኩም::ብፍላይ ኣብ መዳይ ናይ መድያን ከምእዉን ኣብ ንጥፈታት ናይ መንእሰያትን ቆልዑትን ንኽካፈሉን ክሕግዙን ዝኽእሉ ኣሕዋት ካኣ ብዝቐልጠፈ ምሳና ከምእትራኸቡ ሓላፍነትኩም ከምዝኾነ ነዘኻኽረኩም::

**ርእሰ ዓንቀጽ**

### ብርሃን ምስልምና ኣይጠፍእን እዩ

ዓመጽቲ ኩሉ ግዜ ብኣደናጋሪ ዘረባን ብጥውይዋይ መንገዲ ንሓቂ ክዓጽፉን ንብርሃን ከጸልሙቱን ካም ምጽዓር ድሕር ኣይብሉን እዮም::ግን ብርሃን ብርሃን ስለ ዝኾነ ኣይጠፍእን እዩ::
ናይ ምስልምና ብርሃን: እሱ ኻኣ ቁርኣን እዩ:ረሱል ሰለላላሁ ዓለይሂ ወሰለም ብዋሕይ ዝመጾም:ዝብህት ወይ ዝጠፍእ ብርሃን ኣይኮነን::
ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልሰፍ ኣያ ጥቕሲ:( 8) ከምዚ ይብል:

يُرِيدُونَ لِيُطْفِئُوا نُورَ اللَّهِ بِأَفْوَاهِهِمْ وَاللَّهُ مُتِمُّ نُورِهِ وَلَوْ كَرِهَ الْكَافِرُونَ (8)

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ይብል:እቶም ካሕዳናት ኣብ ሓሶት ዝኾነ ምርኩስ ተሞርኪሶም:ንረሱል ሳሕር( ጠቢብ)ዝብል መግለጺ እናሃቡ ነቲ ብርሃን ዝኾነ ብረቢ ዝተላእኮ ቁርኣን ንኽጸልሙን ነቲ ምስልምና ጸንቢርዎ ዘሎ ሕግታታን መምሪሒታትን ንኽሃስዩን ንኽጥፍኡን ዝገብርዎ ዘለዎ ሰናካሊ ፈተናታቶም ኣይክዕወትን እዩ::ብርሃን ናይ ኣላህ ስለ ዝኾነ ኣብቲ ዝደልዮን ዝመደበሉ ግዜ ከምዝበርህን ዝዕብልልን ዘየካትዕ ሓቂ እዩ::ካብ ብርሃን ናይ ረቢ ምጥፋእ ብርሃን ናይ ጸሓይን ኮኸብን ምጥፋእ ይቐልል:እንተዳኣ ተኻኢሉ:እዚ እውን ጹሉል እዉን ኣይሓስቦም::

→ ገጽ: 2

**ትሕዝቶ ሕታም**

ብርሃን ምስልምና ኣይጠፍእን እዩ......1,2 ን
ዘይንርደኦ ቋንቋ.........................3,4ን
***ቅልዕቲ መልእኽቲ ....................5,6***
**ቅሰቱል ኣንቢያእ_....................7,8**
_إمرأة كلامها القرآن....................9,10ን
Vertreibe deine freie Zeit
durchArbeit .......11,12

ምኽኒያቱ ሽሕኳ ድልየቶም ኣይኹን ብርሃን ምስልምናስ ኣይጠፍእን እዩ::ውዒሊ ሓዲሩ ንመላእ ወዲሰብ ካብቲ ናይ ድንቁርና ጸልማት ሃዋህው ኣውጺኡ ናብ ብርሃን ምስልምና ከሰጋግሮም እዩ::ከምቲ ኣብዛ እትስዕብ ጥቕሲ ኣላህ ዝበሎ:

هُوَ الَّذِي أَرْسَلَ رَسُولَهُ بِالْهُدَى وَدِينِ الْحَقِّ لِيُظْهِرَهُ عَلَى الدِّينِ كُلِّهِ وَلَوْ كَرِهَ الْمُشْرِكُونَ (9)

ኣላህ ንረሱል ሙሓመድ ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም ነዚ ቅኑዕ መምርሒን ሓቂ ዝኾነ ሃይማኖት ሂቡ እዩ ንመላእ ዓለም ዝላኣኾ::እዚ ናይ ምስልምና ሃይማኖት እሞ ድሕሪ ክርስትና ዝመጸ:ፈትዮም ጸሊኦም::ክዕወትን ክነግስን እዩ::

እቲ ኣብዚ ክነብርሆ እንደሊ ካሕዳናት ቁርይሽ ብፍላይ ሰበ ስልጣን ቁረይሽን ካአኦትን ነቲ ረሱል ናብ እስልምና ጻውዒቲ እናካየደ እንከሎ:ምእንቲ ረብሓኦምን ጥቕምታቶምን ከይትንከፍ ኣንጻር ምስልምና ጽዑቕ ቃልሲ እዮም ኣካይዶም::እቲ ዝኸፈአ ውዲታቶም ካኣ ንረሱል ከም ጠቢብ ሳሕር ምቕራብ እዩ::ምኽኒያት ናይዚ ኻኣ እቲ ኣምጺእዎ ዘሎ ቁርኣን:ናይ ጠቢብ ስራሕ እምበር ካብ ኣላህ ዝመጸ ኣይኮነን ንምባል እዩ::ግን ሓቅነት ናይ ረሱልን ሓቅነትት ናይ ቁርኣን ምስ ግዜ ንብዙሓት ኣናጎለሐን እናበረሀን ኸደ::

ኣላህ ከምዝበሎ እዉን:ድሕሪ ነዊሕ ናይ ምጽማምን ትዕግስትን:እስልምና ካብቲ ካሕዳናት ሓጺሮምሉ ዝነበሩ ክሊ ብምውጻእ እስላማዊት ሃገር ብሕጊን መምርሒን ምስልምና እትምራሕ መንግስቲ ከቑሙ ተኻኢሊ::

ብዙሓት ካብቶም ስልጣን ዝነብሮም ሰበ ቁረይሽን ካለኦትን እዉን ሓቅነት ናይዚ ሃይማኖት ስለ ዝበራሃሎም ከምዘመስለሙ ታሪኽ ዘረጋገጾ ሓቂ እዩ::

ኣብዚ እንነብሮ ዘለና ዘመን እውን:እስልምና ከም ድሑር ባህልን:ነዚ ዘመን እዚ ኣይበቅዕን እዩ:ኢልካ ብዙሕ ናይ ምጽላምን ውዲታትን እውን ተነዚሑ ይርከብ::
ግን እቲ ሓቂን ብርሃን ምስልምናን ኣብቲ ረቢ ዝደለየሉ ከምዝበርህን ዝዕብልልን ምፍላጥ ይድሊ::

ሓዲሽ ኣብ መርበብ ኢንተርነት:

www.Alhuda1.com
www.rabitah.net
www.eritreanmuslims.com
www.geocities.com/islam4eri/html


መጺሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ ጀርመን እትዳሎ መጺሔት እያ።


**ኣድራሻ:**

**Gis e.V.**
**P.O.Box 101344**
**42103 Wuppertal**
**Germany**

መርከዝ ቢላል:

Montanus Str.76
51065 Köln

Bank:

Deutsche bank A.G
Wuppertal
KontoNr.280 29 08
BLZ 330 700 24


## ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጺሔት ኣልዳዕዋ

ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።
ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

( በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)
ወላኪ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መአረምታን ሓሳብን ከተወፉዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

## መተሓሳሰቢ

ኣብ መጺሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘሎ ብጽቡቕን ብጥንቃቐን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጺሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርኢቶ እዩ ዝውክል።
ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

# <u>*ዘይንርደኦ ቋንቋ*</u>

<u>*ብሼኽ ኢብራሂም ስራጅ*</u>

እወ ኣይርዳኣናን ይኾውን ምኽንያቱ እቲ ብማዕሲያን ብእከይ ግብርን ዝተላዕጠጠ
ኣእሙሮና ክቅበሎ ስለዘይክእል እዩ ። እንታይ'ዩ ሱ?
እሱ እዚ ዝስዕብ እዩ ።
ናይ ጀና ደረጃታት ሸሞንተ እየን ፤ መንዩ'ኸ ዝኣትዋ ? ዝኣትዋ እዞም ኣርባዕተ ዓይነት ሰባት እዮም ። ኣንቢያእ ፥ ስድቂን ፥ ሹሀዳእ ፥ ሳሊሒን ።
ካብዞም እርባዕተ እዚኦም ወጻኢ ሰፈሩ ኣብ ሓዊ ምኻኑ ሙሉእ ቁርኣን ይምስክር። ሕጂ ግን እቲ ሕቶ ዘሎ ንሕና ካበየኖት ኢና? ናህና ነገር መቸስ ብጣዕሚ እዩ ዝገርም። ሸኽ ሳልሕ ኣልሑዳን ናይ ሰዑዲ ዓረቢያ ናይ ፍርዲቤታት ዋና ሓላፊ ከምዚ ይብሉ ፥ ኣነስ ብጣዕሚ ይግረመኒ ይብሉ ፥ ሓደ ሰብ ኣንታ ጎይታይ ኣንታ ረቢ ኣብታ ፈርዶስ ኣል ኣዕላ ኣንቢያእ ኣእትወኒ ኢሉ ዱዓ ይገብር፥ እቲ ዝገረም ግን ነዚ ዱዓ እናገበረ ሓረጣ ይበልዕ፣ ሰበይቱ ኣይትሕጀብ፣ ሰላት ኣልፈጅር ደቂሱ የሕልፎ፣ ሙሉእ ማዓልቲ ኣብ ኮፍ ዝበሎ ሰብ ክሓሚ ይውዕል ኩሉ ነብሱ ዝኣዘዞ ይፍጽመላ፣ ካብቲ ኩሉ ትእዛዛት ናይ ረቢ ኣብ ተግባራቱ ትሪኣ እታ ሰላት ጥራሕ እያ ንሳውን ረቢ ይፍለጠላ ፣ ካልእ'ሞ ኣይትሕተት ።
ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከሎ ( ኣል ፈርዶስ ኣል ኣዕላ ) ይሓትት ይብሉ ።

ኣሕዋት ኣይገርመኩምን እዚ ኩሉ ዝተጠቅሰን ካልእ'ውን ካብኡ ዝኸፍእ ምሳና ዶ ኣይኮነን
ዘሎ !!!!? እነ ሕጂ ክገልጸልኩም ዝደሊ ነዞም ኣርባዕተ ዓይነት ሰባት መን ምኻኖም ንፍለጥ እሞ ንሕና ካብ መኖም ምኻና ክንፈልጥ ።

1 - እንብያእ ክንከውን ዘበት እዩ ።
2 - ስዲቂን እውን እዚዩ ርሑቅ እዩ ።
3 - ሹሀዳእ ካእ እነሆ መሬት ናይ ጎይታ ሰፊሕ እዩ እንተኺኢልካ ።
4 - እታ ተሪፋ ዘላ ብጻዕሪ ክንኣትዋ እንኽእል (ሳሊሒን) እትብል መድረኽ እያ ።

ሕጂ ኩላትና ንሕተት እዞም ሳሊሒን እንታይ ይመስሉ ? ከመይ እዮም ? ነዚ ሕቶ እዚ ንምምላስ ናይ ገለ ገለ ሳሊሒን ኩሉ ታሪኽ ሂወቶም ዘይኮነስ ሓደ ሓደ ዘደንቕ ተግባራቶም ክገልጽልኩም ክፍትን እየ ። በዚ ምኽንያት እዚ ካእ እየ ነዚ ናይ ሎሚ ኣስተምሁረይ
<u>*(( ዘይንርደኦ ቋንቋ ))*</u> ኢለ ዝሰመኩዎ ።

ቅድሚ ነዚ ምጅማረይ ሓደ ዓልም ዝበላ ሓንቲ ምስላ ክህበኩም ። ( እዚ መንእሰይ ወዲ ኣግሂዱ ሓራም ምኻኑ እናፈለጠ ካብ ባንክ ሓረጣ ይወስድ እዩ፥ እቲ ዓልም'ውን እዚ መንእሰይ 'ዚ ሓረጣ ከምዝወሰድ ይፈልጥ እዩ፥ እዚ ሰብ እዚ ነዚ ዓልም ከምዚ በሎ ፡ “ ኣነስ ኩሉ ምሸት ክድቅስ ከለኹ ሎሚ ለይቲ ንረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ሕልመይ ክሪኦም እየ ብንያን ብሃንቀውታን እድቅስ ግን ከንደይ ዓመት ኮይኑ ሪኤዮም ኣይፈልጥን በሎ“ ። እቲ ዓልም ካእ ከምዚ በሎ፥ “ ኣንታ ወደይ ባሓንሳብ ኮይና ነዛ ናይ ቁርኣን ኣብ ሱረት ኣል በቀራ ኣትርከብ ኣያ እሞ ንቕራኣያ ባዕላ ክትምልሰልካ እያ፥

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اتَّقُوا اللَّهَ وَذَرُوا مَا بَقِيَ مِنْ الرِّبَا إِنْ كُنتُمْ مُؤْمِنِينَ (278)

فَإِنْ لَمْ تَفْعَلُوا فَأْذَنُوا بِحَرْبٍ مِنْ اللَّهِ وَرَسُولِهِ وَإِنْ تُبْتُمْ فَلَكُمْ رُءُوسُ أَمْوَالِكُمْ لا تَظْلِمُونَ وَلا تُظْلَمُونَ (279)

ካብኡ ኣስዕብ ኣቢሉ ኣንታ ወደይ በሎ እስኻ ዳኣ ሴፍካ መዚዝካ ረብን ነብን ካኣ ሴፎም መዚዞም ክዋጉኡኻ ኣናተቀራረቡ ከመይ ጌርካ ንረሱል ብሕልሚ ትሪኦም ኣየሕፍረካን'ዶ ከምዚ ክትብል ኢሎም መለስሉ ።

እስኪ ንጀምር። ሓደ ሓደ ጊዜ ንሕናስ ሳሊሒን ዶኾን ንኾውን ኢለ ተስፋ እገብር እሞ ዳሓር እቲ ናይቶም ሳሊሒን ስራሕን ናትናን ምስኣናጻጸርኩዎ ኻኣ ንድሕሪት እምለስ ።

በሉ እቲ ቀዳማይ (ሳልሕ) ታቢዒ ዘቅረበልኩም
<u>*( ሙሓመድ ኢብን ሲሪን )*</u> ይኸውን፥
ብመጀመርያ ኣገባብ ናይ ኣማራዓዕዋኦምን ኣገባብ ናይ ኣማራዓዕዋናን ተመልከት ፡ ሲሪን ኣቦ ሙሓመድ ሓንቲ ናይ ኣቡበከር ሲዲቅ ኣገልጋሊት ነበረት (ሶፍያ) እትባሃል ተመርዓወ፥ ኣብ መርዑኡ ብዙሓት ሳሓባ ተኻፊሉ ካብኣቶም 18 በድሪይ ነይሮም፥ ናይ ዓቅዲ ወረቀት ምስተጻሕፈ ቁርኣን ክወርድ ከሎ ንረሱል ሰለላሁ ዓልይሂ ወሰላም ቁርኣን ዝምዝግበሎም ዝነበረ (ኡበይ ኢብን ካዕብ) ዝተባህለ ዱዓ ገበረላ እቶም ሳሓባ ካኣ ኣሚን በሉ። ክዳውንታን ስልማታን ሰላሊመን ዝቅረባኣ ሰለስተ ኣንስቲ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂወሰለም ነበራ ። ከምዚ ዝኣምሰለ መርዓ ውጺኢቱ እንታይ ይኸውን ይመስለኩም ?

“ኢ.ብን ሲሪን“ ፍረ ናይዚ መርዓ እዩ ፣ ሰለዚ ሙሓመድ ኢ.ብን ሲሪን ተወሊዱ ማለት እዩ። „ኢ.ብን ሲሪን“ ነጋዳይ እዩ ነይሩ፡ ግን ብኹሉ ወገናት ነብሱ ካብ ዝኾነ ማዕሲ.ያ ምስ ኣጽረየ ናይ ኣሕዋቱን ኣቅራቢ.ኡን(ኣዝማዱን) ክሓስብ ጀመረ። እስኪ ካብቲ ተግባራቱ ገለ ገለ ክንጠቅስ ፥

1 - ሓደ ሰብኣይ መጺኡ ክልተ ቅርሺ. ይእውደካ እየ ሃበኒ ኢ.ሉ ቦግ ኣቢ.ሉ ከሰሶ፡ ኢ.ብኒ ሲሪን ግን ኣይሃብካንን ሓሲ.ኻ ኢ.ኻ በሎ ፣ እቲ ሰብኣይ ግን ዘይምሕል መሲ.ሉዎ ማሓለለይ በሎ፡ ኢ.ብን ሲሪን ብቀጥታ ማሓለ ። እቲ ሰብ ኣቡ ዝነበረ ጫውጫው ኢ.ሉ ከመይ ገርካ ንኽልተ ቅርሼ ኢ.ልካ ትምሕል በሉዎ፡ ንሱ ኻኣ ከምዚ ክብል መለሰሎም። ኣነ ዝማሓልኩ ክልተ ቅርሺ. ክህቦ ስለዘይደለኹ ኣይኮንኩን ግን ክልተ ቅርሺ. ከይሃበኒ ሓሲዩ ምኻኑ ስለዝፈልጥ (ናይ ሓራም ገንዘብ ከብሎየ ) ኣይደለኹን ምእንቱ ኢ.ለ ሚሒ.ለ በሎም ፣ ንሳቶም ካኣ ብዙሕ ኣድነቁዎ ።

2 - ሓደ ጊዜ ካኣ ካብ ሓደ ነጋዳይ በርባዓ ሽሕ ቅርሺ. ዘይቲ ገዚ.ኡ ግን ኣከፋፍላ ቀስ ኢ.ሉ ክኸፍሎ ተሰማሚዮም። ነቲ ዘይቲ ምስ ከፈቶ ግን ኣብኡ ኣንጭዋ ሞይታ ረኸባ። ብመሰረት ሕጊ ክመልሰሉ እዩ ዝግባእ ግን ( ኣነ እንተመሊ.ሰሉ ንኻልእ ዘይፈልጥ ሰብ ኸሸጠሉ እዩ ስለዚ እንታይ ገበረ እዚ ነዚ ዝገዝአ ሰብ ኢ.ሉ ብሙሉኡ እቲ ዘይቲ ካዓዎ ፣ ግን ኢ.ብኒ ሲሪን ነዚ ዕዳ እዚ ክኸፍሎ ስለ ዘይካኣለ ኣብ ፍርዲ ቀሪቡ ኣብ እስርቤት ኣተወ።

ሓደ ጊዜ እቲ ናይ ማእሰርቲ ሓላፊ ስማዕ በሎ ምሸት ምሸት ናብ ስድራኻ ኪድ’ሞ ንግሆ ሰብ ከምዘይፈለጠ መጺእካ ኣብ እስርቤትካ እቶ በሎ፡ ንሱ ግን ላእ ኢ.ሉ ኣበየ፡ ሰለምንታይ እንተበሎ፡ ነዚ ኸያና እዚ ጽባሕ ኣብ ቕድሚ ረቢ. ብቀዳምነት ንስኻ ክትቅጻዓሉ ስለዝኾንካ ኣብዚ ዓዘቅቲ ከእትወካ ኣይደልይን እየ ኢ.ሉ ኣበዮ ።

3 - ኣብ እስሪ ቤት እንከሎ ኻኣ እቲ ኩላትና ንፈልጦ ዓብይ ሳሓቢ. (ኣነስ ኢ.ብን ማሊ.ክ) ሞተሞ ቅድሚ ሙማቱ “ኢ.ብን ሲሪን” ይሕጸበኒ ኢ.ሉ ተዋሲ.ዩ ስለ ዝነበረ ነቲ ኣማሓዳሪ ናይቲ ዓዲ ኣፍቂ.ዶም ንኣነስ ክትሓጽቦ ክትሰግደሉ ንቁሩብ ሳዓታት ውጻእ ኢ.ሎም ካብቲ እስሪቤት ከውጽእዎ ምስ ከዱ፡ ኣነ እቲ ባዓል ሓቂ ገንዘብ ከይፈቀደ ኣይወጽእን እየ ኢ.ሉ ኣበዮም ንዑኡ ኣፍቂ.ዶም ኣውጽእዎ ።

ንሰይድና ኣነሰ ቀቢ.ሮም ክምለሱ ከልው ኣንታ ኢ.ብን ሲሪን ንእግሪ መንገድኻ ስድራኻ ዝያራ ዘይትገብረሎም ምስ በልዎ ፡“ላእ“ እቲ ባዓል ሓቂ ንሰይድና ኣነስ ክሓጽቦምን ክሰግደሎምን ዳኣ እዩ ፈቂ.ዱለይ እምበር ስድራይ ክርኢ.“ኮ ኣይፈቀደለይን ክብል መለሰሎም እሞ ንስድርኡ ከይራኣየ ናብ እስሪቤት ተመለሰ ።

4 - ሙሓመድ ኢ.ብን ሲሪን ዝተፈልጠ “ሕልሚ“ ዝፈትሕ ወይ ዝትርጉም ዓልም እዩ ነይሩ። ሓደ ጊዜ ሓደ ሰብኣይ መጺኡ ንሓደ ዓብድ (ኩሉ ኣስናነይ ረጊፉ ብሕልሚ ሪኤዮ ተርጉመለይ ኢ.ሉ ሓተቶ’ሞ ንሰኡ ኻኣ ደቅኻ ኩሎም ክሞቱ እዮም ኢ.ሉ መለሰሉ። ነዚ ምስ ሰምዐ ቡዙሕ ሓዘነ ሰባት ሓዚ.ኑ ምስ ራኣይዎ ናብ ኢ.ብን ሲሪን ዘይትኸይድ ኢ.ሎም ሓበርዎ’ሞ ናብኡ ከይዱ ኣስናነይ ኩለን ረጊፈን ብሕልሚ ሪአ ምስ በሎ ከምዚ ክብል መለሰሉ። “ኣየ እዚ ረቢ. ክፈትወካ ዕድሜኻ ኣዚዩ ነዊሕ እዩ ደቂ ደቅኻ ሪኢ.ኻ ድሕሪ ደቅኻ ኢ.ኻ ትመውት በሎ“ሞ ሰብኣይ ብጣዕሚ ተሓጊሱ ከደ ።

*ብደንቢ. ተመልከቱ መልሱ እ.ታ እቲ ቀዳምይ ’ዓብድ’ ዝሃባ መልሲ እ.ያ ግን ብኾኮላታ ኣመቂሩ ምስ ሃቦ ተሓጊሱ ከደ ።*

መቀጻልታ ኣብ ዝመጽእ ሕታም



# ቅልዕቲ ደብዳቤ ንኡም ሃሽም ( 3 )

ብ ሙ-ኢማም ( አቡ ጀሚል )

ክብርቲ ኡም ሃሽም ! ከምቲ ኣብታ ቀዳመይቲ ክፋል ዝበልኩዎ ሓንቲ ኡም ሃሽም ኣጋልጽዮ ደኣ'ምበር ብዙሓት ኣቦ ሃሽምን ኡም ሃሽምን ከም ዘለዉ ስለ ዝኣምን ፤ ብሽምኪ ኣቢለ ምስ ኩሎም ይዛተ ከምዘለኹ ኺረ ይወስዶ ። ኣብታ ናይ ዝሓለፈት መቐጸልታ ቁ.2 ፤ ነቲ ገሊኦም ደቅና ወዲቐሞ ዘለዉ ዓዘቕቲ መንቀሊኡን ጠንቁን ክንዘራረብ ክንፍትን ካብቲ ከም ኣርእስቲ- ነጥቢ ክኾና ዝሓበርኩወን፤ እተን ሰለስተ ማለት ፤

1) ናይ ስደት ቦታና መን መሪጹልና ?

2 )ብዛዕባ እዚ ዘለናዮ ሃገር ኣካባቢ ቅድሚ ምምጻእና እንታይ ንፈልጠሉ?

3) "ሓሊፍኪ ጽንሕኒ" ተባሂላ ሰብኣያ ዝሰደዳ ኣደ ቆልዑ ፤ዘሰኒ ክእለትን ናይ ትምህርቲ ደረጃን ኤሩዋ ዶ ? ሒዘየን ቀሪበ ኣለኹ ።

መብርሂ ፤ ኤሮፓ ክብል እንከለኹ ብሓፈሽኡ ምዕራብ ማለተይ እየ ። ኣሜሪካ . ካናዳ ፤ ኣውስትራሊያ ፥ እውን ክኸውን ይኽእል ፤ እንተኾነ ኣብ ኤሮፓ ስለ ዝርከብ ብዛዕብኡ ዝፈልጦ ስለ ዝበዝሐ ፤ ብፍላይ ብዛዕባ ሃገር ጀርመን ኣተኩረ ክዛረበሉ ንቡር ይኸውን።

ናይ ስደትና ቦታ መን መሪጹልና? ዝበዝሕ ጊዜ ስደት ክበሃል እንከሎ ፤ ተገዲድካ እትኸዶ'ምበር መሪጽካን ኣማሪጽካን እትጉዓዞ መንገድን ፤ እትበጽሖ ዓድን ኣይኮነን ። ኣብ ታሪኽ ዝተመርጸ ስደትን ፤ ውጽኢቱ ዝበለጸ ከም ዝኾነ ዝተነብየሉን ፤ ሓደ ጥራይ እዩ ። ንሱ ድማ እቲ ነቢይና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ንሰሓባ ብጾቶም ዝመረጹሎም ናይ ስደት ሃገር እዩ። ሓደሽቲ ኣመንቲ ምስልምና ኢስላም ብምቕባሎም ካብ ደቂ ዓዶም (ደቂ ቁሬሽ) ዝወርዶም ዝነበረ ጉድኣት ንምቅላል ፤ ነቢይና ንብጾቶም ""ንመሬት ሓበሻ ገጽኩም ተሰደዱ ፤ንጉስ ናይታ ሃገር ኣብ መሬቱ ማንም ኣይብደሉን እዩ" ኢሉ ዝኣዘዞ ስደት እዩ ። ውጽኢቱ ድማ ከምቲ ነቢይና ዝበሉዎ ፤ፍትሒ ረኺቦም ምስልምናኦም ዘርጊሖም ብሰላም ንሃገሮም ከም ዝተመልሱ ታሪኽ መዝገቡዎ ንረኽቦ።

## ስ ደ ት ና" ኸ?

መምጽኢናን ኣመጻጽኣናን ይፈላሌ ደኣ"ምበር ፤ናይ መብዛሕትና ዝተመሳሰለ እዩ ክብል እደፍር። እቲ ክልተ ዘይፈላለዩሉ መሰረታዊ ምኽኒያት መስደዲና ፤ ናይ ባዕዲ መግዛእቲ ዘኸተሎ መሪር ጠንቅን መረረትን ምኻኑ ግሁድ እዩ። እንተኾነ ሕጂ እውን ካብ ባዕዲ ተናጊፍና ነጻነት"ካ እንተረኸብና (ኣልሓምዱሊላህ) ስደትን ብትንትንን ኣይዓረፈን (ረቢ ይኣክል ይበለና)።

እምበኣርከስ እታ ቐዳመይቲ ስጉምቲ ናይ ስደትና ክንወስዳ እንከለና ብዓዲ . ............ ኣቢልካ መንገዲ ተረኺቡ ኣሎ. ዓዲ............. ይቕበሉ ኣለዉ ........... ካብዚኣ ትኸፍእ የላን ፤ ካብዚኣ ጥራይ የውጻና .......... ፤ደቅና ነምህር (እቲ ዝበዝሕ ዳሕራይ ደቁ ሒዙ ዝተሰደደ፤ ኣብቲ ዝነበሮ ናይ ስደት ሃገር ፤ ወላካ ግቡእ ናይ መቕመጢ ፍቓድን ፤ ርሂጹ ዝበልዓላ ስራሕን እንተነበሮ ፤ ደቁ ናይ ትምህርቲ ዕድል (ብሕልፊ ኣብ ዝተወሰነ ደረጃ) ስለ ዝተሓረሙ ፤ ሒዙዎም "ሃጽ" ክብል ዝተገደደ እዩ) ገሊኡ እውን "ኤሮጳ መሰልን ዲሞክራስን ብጣዕሚ ዝነገሰሉ ሃገራት እዩ.............እንዳ እከላ ድሮ ኣብ ሓጺር ጊዜ ተቐቢሎሞም. (መቸም መሬት ስደትካ ምስ ረገጽካ ፤ ነታ ጊዜያዊት መዕቆቢ ዝህቡኻ ፤ ኣብ ኮንተይነር / መጉዓዝ ኣቑሑት/ እውን ትኹን ፤ ብዙሓት ኣብ ደገ ዘለዉ ሰባት "ተቐቢሎሞም" ክብሉ ምስቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኣም ምቕባል ስለ ዝሓዋውሱዎ "እቲው ምስ በሉ ሽዓኣ ተቐቢሎሞም" ዝብል ይውረየልካ! እቲው ምስ በልካስ ይትረፍ ፤ ዓመታት ወሲዱሎም ዘሎ ብዙሓት ክሳብ ሕጂ ዘይቀሰኑ ከም ዘለዉ እንተዝፈልጡ? . . . .. በዝን ከምዚ መሳልን ሓሳብን ሕልምን ዳርጋ ዝበዝሕ ስደት ተተሓሒዙዎ ። እንተኾነ ብዛዕባ እቲ ናይ ስደት ሃገር ካብዘን ዝተጠቕሳ ንላዕሊ ዝፈለጠ ዝተመራመረን ዳርጋ የለን ክብል ምደፈርኩ።

ንምኻኑ ንሓደ ጸጊሙና እንኸዶ ሃገር እንታይ ከነጻሪየሉ እንታይከ ክንዕጠቐሉ ? ዝብለኒ ኣይስእንን። እንተኾነ ኣቐዲምካ ዝተዓጠቕካሉን እንታይነቱ ዝፈለጥካዮን ፤ ከምቲ ከይሓሰብካዮ ዝጋጠመካ ክኸውን ኣይኽእልን ። ሕያው ኣብነት ክጠቅስ ኣድላዪ ኮይኑ ይረኽቦ ። እታ ሓፍትና

፤ ኣብቲ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ዝተኻየደ ሙእትመርናፊ መረረታ “ ኣብ ሓዳረይ ውጽዕቲ ስለ ዝነበርኩ፤ ደቀይ ሒዘ ናብዚ ሃገር ተሰዲደ ፤ እንተኾነ ካብ ጸገመይ ዝተላቐቕኩ መሲሉኒ“ምበር ኣብ ዝገደደ ዓዘቕቲ ወዲቐ ፤ እታ ምስ ሒጃባ ዝመጸት ኻለይ ኣደባ ነጊፋ ሒጃባ ገፊፋ ፤ ምእላያ ሓርቢቱኒ ። እቶም ካለኦት ኣሕዋታ እውን ኣሰራ እናሰዓቡ ይኸዱ ምህላዎም ክርኢ ደም ይነብዕ ኣለኹ ፤ ደቀይ ኣብዚ ኣምጺኤ ስለ ዘጥፋእኩዎም ረቢ ብሓላፍነት ከይሕዘኒ ብጣዕሚ ፈሪሄ ፤“ክትብል እናበኸየት መፍትሒ ክረኽቡላ ነቶም ዑለማእ ዘቕረበት፤ ኣቐዲማ እንታይነት ናይዚ ቦታን ፤ ሕማቑን ጽቡቑን መዚናቶ እንተትነብር ምናልባት፡

ሀ) በይና ክትገጥሞ ትኽእሎን ዘይትኽእሎን ናይ ምምዛን ዕድል ምረኸበት ፤

ለ) ከምቲ እቲ ዓልም ኣብቲ መልሱ ዝሃባ ““ሕጂ ኩሎም ደቀይ ኸሲረ ትብሊ ኣለኺ ፤ እስከ ምዘኒዮ ናይ ሰብኣይኪ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ተጸሚምኪ ፤ ደቅኺ ብጽቡቕ ብዲኖም ኣዕቢኺዮም እንተትነብሪ“ዶ ምሓሸ መይስ ካብ ሰብኣይኪ ተገላጊልኪ ደቅኺ ክጠፍኡኺ ? እናበለ ብሕቶ መክዕ ዘብረሃላ ክዝክር እንክለኹ ፤ እዛ ሓፍትና ኩነታት እትሰደዶ ዘላ ሃገርብቑዕ ስእሊ እንተዝነብራ፤ ምናልባት ካልእ ፍልይ ዝበለ ውሳኔ ምወሰደት .... ?

ሐ) ኣብ ሓዳራ ጸገም ዘይነበራ እንተትኸውን እውን ፤ማለት ካብተን ሓሊፍኪ ጽንሕኒ ዝተባህለት፤ ተረፍና ብሓደ ተሰደድና ብሓደ ፤ በይነይስ ይትረፍ ፤ ምሳኻ ተሰዲደ“ካ እንተኽኢለዮ እየ ብምባል ፤ ብዘይ ኣቦ ደቃ ምናልባት ፈንተት ኣይምበለትን ።

ኣወ! ደቅኻ ናይ ምምሃር ዓላማ ክህልወካ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ፡ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ወላዲ ንውላዱ ከረጋግጸሉ ዝግበኦን ዘሻቕሎን ፤ ውላዱ ከምህር እዩ። እንተኾነ ንፋዕ ነጋዳይ ረብሓ ጥራይ ኣይኮነን ዝጥምት ፤ ኣቐዲሙ መኽሰቡን ኽሳራኡን ከማዛዝን ይግበኦ ፤ እንተዘይኮነ ዘስዕቦ ጣዕሳን ጉድኣትን እዚ በጺሕናዮ ዘለና ናይ ደቅና ጸገማት ሓደ ካብኡ እዩ።

ኡም ሃሽምን ካለኦት ኣሕዋትናን ንበይንኽን ናይ ምእላይ ሓላፍነት ክትስከማ ዘብጸሔን ብዙሕ ምኽንያት ከም ዘሎ ርዱእ እዩ። ኣነ እውን ሓፈሻዊ እየ ክጠቅስ እምበር ፤ ነፍሲ ወከፍ ናብራ ነናቱ ምስጢር ስለ ዘለዎ በጀካ ሓደ ጎይታ ዝፈልጦ ስለ ዘየለ ኣፈይ መሊኤ ኣይእምተሉን ። ካብቲ ቀንዲ ዝብሎ ፤

1) ንስኺ ቕልዑ ሒዝኪ ሕለፊ ፤ ኣነ ቀስ ኢለ የርክበኩም ፤
2) ካብ ሰብኣያ ተፋቲሓ ቆልዑ ሒዛ ዝተሰደት ፤
3) ብሓደ ምስ ደቆም ተተሓሒዞም መጽዮም ከብቅዑ ፤ ስኒት ስኢኖም ዝተፋትሑ፤ ድሕሪ ፍትሖም ናይ ደቆም ጉዳይ ፈጺሞም ዋጋ ዘይሃቡዎ፤(ኢሂን ምሂን ዘይብሉ)

5) ምስ ደቆም ተሰዲዶም ፤ እንተኾነ እታ ሰበይቲ ሓደሓደ ንሰበይቲ ዝዝንብል ዓንቀጻት ሕጊ ተጠቒማ ፤ንሰብኣያ ኣባሪራ ናይ ቆልዑ ጉዳይ ኣብ ቁጽሪ ከየእተወት፤“መንግስተይ“ ሒዘ እንታይ ከይከውን ፤ እናበለት ብትምክሕቲ ዝተፈላለየት ፤

6) ሰበይቲ ምጭልጋም ዝለመደ ፤መስተን ዕብዳንን ምስ ዲኑን ሓላፍነቱን ኣከባቢኡን ዘይዋሰብ ኮይኑዋ ፤ ደቃ ሒዛ ክትፋላለ ዝተገደደት ፤ . . . . ወዘተ . . .ወዘተ

## ሓሊፍኪ ጽንሕኒ ፤

ሓሊፍኪ ጽንሕኒ ሒዝኪ ቆልዑ ፤
ደቅና ተማሂሮም ኣብኡ“ንፍዑ ፤
ኤሮጳ ጽቡቕ እዩ ኩሉ ኩነታቱ ፤
መሰል ዝልግሱ መጽዮም ዝሓተቱ፤
ቀለብካን ክዳንካን ዘይብልካ ስክፍታ፤
ገዛ ይህቡኻ ቪላ ምስ ኣቁሑታ ፤
ስራሕ በብሕብሩ ቀይሕ ጸሊም ጻዕዳ፤
ደቅኻ ፤ የምህሩልካ ነጻ ብዘይ ዕዳ
ዓመት ክልተ ዓመት ስርሕርሕ ኣቢለ ፤
ንብረትና ሽያጢጠ ኣቕራሽ ኣዋህሊለ ፤
የርክበኩም ዝግ ኣለ ብሮማ ኮሊለ ፤
ደሃይ ክገብርየ ስልኪ ደደዊለ ፤’
እናበለ ኣፋኒዩ ኣቦ እናዕለለ ፤
. . . . . . . . . ኢንሻኣላህ

### ኣብ ዝኽተል ሕታም ፤

እቲ መሰረታዊ ዝኾነ ዲን ቦታ ተዋሂቡዎዶ?
ኣብ ኤሮፓ ኩሉ ነገር ሕማቕ ድዩ?
ካብ ዕዳጋ ኤሮፓ ጸጽቡቑ ዝሸመቱ የለውን ድዮም ?
ወለዲ ብኹሉ እናጸዓሩ ደቆም ክበላሸዉ ይኽእሉ ዶ?
ሓሊፍኪ ጽንሕኒ ዝበለ ኣቦ ምስ መጸ እንታይ ጸኒሑዎ
እዝን ከምዝን ምስ ኣርእስትና ዋሰብ ጉዳያት ሒዘ
ክቐርብ፤ ረቢ ክሕግዘኒ ዱዓኹም ሓደራ ይብል።

ሓውኩም ሙ-ኢማም tewasul3012@yahoo.de

## ***ቅሰቱል ኣንቢያእ***
## ***መቐጸልታ ኣቡና ኣደም***

***ብ**ሓፍትኹም ፎዚያ ሓሰን ኣማን*

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና መጀመርያ ንረቢ ዘንቢ ዝገበረ ሸይጣን ምኻኑ ጠቒስና ኔርና ሕጂ ውን መቀጸልትኡ እዚ ዝስዕብ ይኸውን ::
"***ኣላሁ ዓ/ወ" ንሸይጣን ካፍር ኢሉ ጸወዖ***
*ካፍር ማለትኸኣ ኸሻይ ናይ ኀይታ ዝክሕድ ማለት እዩ :: በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ ይብሉ ዑለማእ ኩሉ ዘንብታት መሰረቱ ካብ (ምኽባር) ኩርዓት ካብ ትዕቢት እዩ ነዚ ዘመልክት ኸኣ ብዙሕ ሓዲሳት ናይ መጠንቃቕታ ኣሎና::
'''**ላ የድኹሉል ጀና መንካና ፊቀልቢሂ ምስቃላ ዘረቲ ምንል ኪብር**''' ሓፈሻዊ ትርጉ
*ኣረሱል ሰ/ወ/ወ/ ይብሉ ጀና ኣይ ኣቱን እዩ ኣብ ልቡ ክንድ ፊረ ኣድር ምድቃቕ ዝኣክል ኩርዓት ዘለዎ ሰብ
''**ላየንዝሩ ኣላሁ ኢላ መንጀራ ሰውቦሁ ኹውይላ**''
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኣላሁ ዓ/ወ የወመልቅያማ ኣይርእዮን እዩ:: ብዓሌት : ብሃብቲ : ብውላድ : ብክዳን : ብገዛ : ዝጀሃር : ዝዕበይ ዝኾርዕ ሰብ በዚ ምኽንያት ኸኣ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ/ ሰሚያሞም ሰሓባ ክጸዋውዑ ከለው ያለል ኣንሳር ያለል ሙሃጂርን ኢለሞም ኣረሱል ሰ/ወ/ወ ግደፍዎ እዚ ኣጸዋዋዓ እዚ ፉቱው ኣይኮነን በሉዎም::

ኣቡና ኣደም ፈላጥ እዩ ተፈጢሩ ከምዚ ሕጂ ዘውርይዎ ናይ ቀደም ሰብ ደንቆሮ ነይሩ ኣብ መሬየት እዩ ተማሂሩ ቋንቃ: ሓዊ : ከመይ ገሩ ይጥቀመሉ ዝብል ኣዘራርባ ቁኑዕ ኣይኮነን::ኣብ ብዙሕ ኣያታት ከምኡ እውን ሓዲሳት ይገልጸልና:
"**ኣላሁ ዓ/ወ ኸለቐል ኢንሳን ዓሊመን**" ሓፈሻዊ ትርጉም
" ኣላሁ ዓ/ወ ንደቂ ሰባት ፈላጣት ገይሩ ፈጢርዎም
ኣላሁ ዓ/ወ ንኣቡና ኣደም ሩሕ ምስ ሰኳዓሉ እታ ሩሑ ኣብ እግሩ ምስ በጸሕት ኣቡና ኣደም ደው በለ::
" **ኣላሁ ዓ/ወ ኢልዎ** "ነዚኦም መላኢካታት ከድካ " ሰላም ''በሎም ኣቡና ኣደም ዝጥቀመሉ ዝነበረ ቋንቃ ዓረብኛ እዩ :: መላኢካታት ከምኡውን ኣህለል ጀና ቋንቃ ዓረብ እዮ ዝዛረቡ
"**ኣቡና ኣደም ዓ/ሰ ከይድ ኢሉዎም " ኣሰላም ዉዓለይኩም "**
" በሉ መላኢካታት " ***ወዓለይካ ሰላም ወራሕመቱላህ "***
"**ኣላሁ ዓ/ወ** ኢልዎ እዚ እዩ ሰላምታኻ ከምኡውን ሰላምታ ናይ ዘርእኻ
ነንሕድሕዶም ዝቀያየሩሉ

وَعَلَّمَ آدَمَ الْأَسْمَاءَ كُلَّهَا'' **ወዓለማ ኣደማል ኣስማኣ ኩለሃ** "

ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኣላሁ ዓ/ወ ንኣቡና ኣደም ኣብ መጀመርያ መዓልቲ ኩሉ ኣስማት ናይ ፍጥረታት ኣምሂሩዎ ኢብኒ ዓባስ ይብሉ: ኣብ ሰማይ : መርየት: ዝርከቡ ኣስማቶም ምሳሌ ባሕሪ : ኀቦ : ኦም ወ . ዘ .ተ *ከምኡውን ናይ መጀመሪያ ጥበብ ኣምሂርዎ ምሳሌ ሓዊ : ሓጺን ዕንጨይቲ ከመይ ጌሩ ከም ዝጥቀመሉ"
*ኣላሁ ዓ/ወ " ንኣቡና ኣደም " ብቁመና ጥራይ ዘይኮነ ፊልጠትን ክእለትን ዘለዎ ገይሩ እዩ ፈጢርዎ

*(31)* ثُمَّ عَرَضَهُمْ عَلَى الْمَلَائِكَةِ فَقَالَ أَنْبِئُونِي بِأَسْمَاءِ هَؤُلَاءِ إِنْ كُنْتُمْ صَادِقِينَ

" ***ሱማ ዓረዳሁም ዓለል መላኢከቲ ፈቃላ ኣንቢኡኒ ቢእስማኢ ሃ ኡላኢ ኢን ኩንቱም ሳዲቂን***
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኣላሁ ዓ/ወ ንመላኢካታት ኩሎም ፍጥረታት ኣቕርቡ እስከ ኣስማቶም ንገሩኒ ትፈልጡ እንተኾንኩም በሎም
ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ትዝክሩ እንተኾይንኩም ኣላሁ ዓ/ወ ንኣቡና ኣደም ምስፈጠሮ መላኢካታት እንታይ በሉ ኀይታና( ረቢና ) ዝደለየ ይፈጥር ግን ኣንሕና ኢና ድብለጽናን ዝኸበርናን ፍልጠት ዘለናን በሉ
*ኣላሁ ዓ/ወ ንመላኢካታት ኣቡና ኣደም ካብኦም ዝበለጸ ከም ዝኾነ ንኽገልጸሎም
ንክሰግድሉ ኣዘዘ ማለት ስግደት ናይ ኣኽብሮት:
*ከምኡ ውን ካብኣቶም ንላዕሊ ፍልጠት ከም ዘለዎ ንከረጋግጸሎም ድማ ናይ ኩሎም ፍጥረታት ኣስማቶም ሓተቶም

قَالُوا سُبْحَانَكَ لَا عِلْمَ لَنَا إِلَّا مَا عَلَّمْتَنَا إِنَّكَ أَنْتَ الْعَلِيمُ الْحَكِيمُ

"***ቓሉ ሱብሓነካ ላዒልማላና ኢላ ማዓለምታና ኢናካ ኣንታ ዓሊሙል ሓኪም*** "

ሓፈሻዊ ትርጉም
*በሉ መላኢካታት ዓ/ሰ ኩሉ ዝካኣለካ ጎይታ ንሕናስ ሓንቲ ፌልጠት የብልናን እስካ ዘየፌለጥካና:
*እስኻ ኢኻ ኩሉ ትፈልጥን ትገዝእን ጎይታ

قَالَ يَا آدَمُ أَنْبِئْهُمْ بِأَسْمَائِهِمْ فَلَمَّا أَنْبَأَهُمْ بِأَسْمَائِهِمْ

"*ቓላ ያ ኣደሙ ኣንቢኡሁም ቢኣስማኢሂም ፊለማ ኣንባኣሁም ቢእስማኢሂም"*
ሓፈሻዊ ትርጉም
*" ኣላሁ ዓ/ወ በለ" ኦ ኣደም ግለጸሎም ናይዚኦም ኣስማቶም
* ኣብ ኣብና ኣደም ዓ/ሰ ናይ ኩሎም ፌጥረታት ኣስማቶም ተንተነሎም

قَالَ أَلَمْ أَقُلْ لَكُمْ إِنِّي أَعْلَمُ غَيْبَ السَّمَوَاتِ
وَالْأَرْضِ وَأَعْلَمُ مَا تُبْدُونَ وَمَا كُنتُمْ تَكْتُمُونَ (33)

*"ቃላ ኣለም ኣቑል ለኩም ኢኒ ኣዕለሙ ቐይባ ሰማዋቲ ወልኣርዲ ወኣዕለሙ ማትብዱና ወማ ተክቱሙን"*
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኣላህ ዓ/ወ ይብል ኣይብልኩም ዶ ኩሉ ስውር ዝኾነ ነገር ኣብሰማይን መርየትን ይፈልጦ እየ:
*ከም እውን ኩሉ ኣብ ውሽጥኹም ትሓብእዎ ካባይ ዝስወር የለን ::ኣብ ኣቡና ኣደም ዓ/ሰ ኣብጀና ንነውዊሕ ጊዜ ንበይኑ ይነብር ነበረ እሞ ጽምዋ ኣዚዩ በርቲዕዎ ነበረ : ሓደ ጊዜ ደቂሱ እንከሎ " ኣላሁ ዓ/ወ " ካብ ጺጋማይ መሰንገልኡ ዓጽሚ ብምውሳድ ንስትና ሓዋ ፈጠራ:: ኣላሁ ዓ/ወ ይብል

يَا أَيُّهَا النَّاسُ اتَّقُوا رَبَّكُمْ الَّذِي خَلَقَكُمْ مِنْ نَفْسٍ وَاحِدَةٍ وَخَلَقَ مِنْهَا زَوْجَهَا

*ያ ኣዪ ሃ ናሱ እተቑ ረበኩም ለዚ ኽለቀኩም ሚንነፊሲ ዋሒዳ ወኽለቃ ሚንሃ ዘውጃሃ:*
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኦ ደቂ ሰባት ንረብኹም ፍርሁ ካብ ሓንቲ ነብሲ እዩ ፈጢርኩም::
ኣቡና ኣደም ካብ ድቃሱ ምስተበራበረ ኣብ ጎኑ ሰበይቱ ረኣየ ከምዚ ዝስዕብ ሕቶ ድማ ኣቕረበላ
_መን ኢንቲ (መን ኢኺ ንስኺ) *በለት ስትና ሓዋ ዓ/ሰ እምረኣ (ሰበይቲ) _ሊማዛ ኹልቕቲ (ንምታይ ተፈጥርኪ) *በለት ስትና ሓዋ ዓ/ሰ ሊተስኩና ኢሊያ (ምእንትን ከቕስነካን ከዕርፈካን)

መላእካታት ዓ/ሰ ንኣቡና ኣደም ስትና ሓዋ ዓ/ሰ ከተዛርቦ ምስረኣዪ እዚኣ ዳኣ ሓዳሽ ፌጥረት እያ ኩሎም ፍጥረታት ሰሚይዎም እዩ ኢሎም ንኣቡና ኣደም ሕቶ ኣቕረብሉ
_ በሉ መላእካታት ዓ/ሰ መን ኢስሙሃ ؟ (መን ሽማ)
*መለሰ ኣብና ኣደም ዓ/ሰ ሓዋ
_በሉ መላኢካታት ዓ/ሰ ሊማ ሱሙያት ሓዋ؟ ንምንታይ ሓዋ ተባሂላ
*መለሰ ኣቡና ኣደም ሊኣና ኹልቐት ሚን ሸይእ ሓይ (ካብ ሂወት ዘለዎ ነገር ስለ ዝተፈጥረት)
"*ኣረሱል ሰ/ዓ* *<u>/ወ ይብሉ" እስተውሱ ብኒሳኣ ኽይርን</u>*
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኣረሱል ሰ/ዓ/ወ ይብል ይላበወኩም ኣለኹ ብደቂ ኣንስትዮ ሓደራ ጽቡቅ ጌርኩም ሓዝወን
ኣብ ሓዲስ ሰሕሒ ይብል መልከዐኛ ዝኾነት ሰበይቲ ኣብ ዓለም ካብ መጀመርያ ክሳብ የውመልቕያማ ስትና ሓዋእ ዓ/ሰ እያ ብድሕሬኣ ድማ ስትና ሣራ ሰበይቲ ሰይድና ኢብራሂም ዓ/ ሰ እያ ::

ንሕጂ ኣብዚ ንውድእ እንሻኣላህ ኣብቀጻሊ ጽሑፍና ብጽብቕ የራኽበና

ዱዓእ:

( ሱብሓናላሁ ወልሓምዱሊላህ ወላኢላህ ኢላላህ ኣላሁኣክበር ወላ ሓውላ ወላቁወታ ኢላቢላህ)

# ***إمرأة كلامها القرآن ( قصة مؤثره)***

**قال عبد الله بن المبارك رحمة الله عليه : خرجت حاجاً إلى بيت الله الحرام وزيارة قبر النبي صلى الله عليه وسلم فبينما أنا في الطريق إذا أنا بسواد على الطريق ،فتميزت ذاك فإذا هي عجوز عليها درع من صوف وخمار من صوف فقلت: السلام عليكم ورحمة الله وبركاته**

**فقالت : (سلام قولا من رب رحيم)**

**فقلت لها : يرحمك الله ما تصنعين في هذا المكان ؟!؟**

**قالت : (سبحان الذي أسرى بعبده ليلا من المسجد الحرام)**

**فعلمت أنها قضت حجها وهي تريد بيت المقدس ، فقلت لها : أنت منذ كم في هذا الموضع ؟!؟**

**فقالت : (ثلاث ليال سويا)**

**فقلت ما أرى معك طعاماً تأكلين ؟!؟**

**فقالت : (هو يطعمني ويسقين)**

**فقلت :فبأي شيء تتوضئين ؟**

**فقال) : (فلم تجدوا ماءً فتيمموا صعيداً طيبا )**

**فقلت لها :إن معي طعاما فهل تأكلين ؟**

**فقالت : (ثم أتموا الصيام إلى الليل )**

**فقلت : ليس هذا شهر رمضان !!**

**قالت) : ومن تطوع خيراً فإن الله شاكر عليم )**

**فقلت : قد أبيح لنا الإفطار في السفر ..**

**قالت : (وأن تصوموا خيراً لكم إن كنتم تعلمون )**

**فقلت : لم لا تكلميني مثل ما أكلمك؟**

**قالت : (ما يلفظ من قول إلا لديه رقيب عتيد )**

**فتعجبت من ردها وقلت : من أي الناس أنت؟**

**قالت : (ولا تقف ما ليس لك به علم إن السمع والبصر والفؤاد كل أولئك كان عنه مسئولا )**

**فقلت : قد أخطأت فاجعليني في حل .**

**قالت : (لا تثريب عليكم اليوم يغفر الله لكم )**

**فقلت : فهل لك أن أحملك على ناقتي هذه فتدركي القافلة؟**

**قالت : (وما تفعلوا من خير يعلمه الله )**

**قال : فانحنت ناقتي فقالت) : قل للمؤمنين يغضوا من أبصارهم )**

**فغضضت بصري عنها .. ولما أرادت أن تركب نفرت الناقة فمزقت ثيابها ..**

**قالت: (وما أصابكم من مصيبة فبما كسبت أيديكم)**

**فقلت لها : اصبري حتى أعقلها ..**

**فقالت : (ففهمناها سليمان )**

**فعقلت الناقة وقلت لها : اركبي ..**

**قالت : (سبحان الذي سخر لنا هذا وما كنا له مقرنين وإنا إلى ربنا لمنقلبون)**

**فأخذت بزمام الناقة وجعلت أسعى وأصيح**

**فقالت : (واقصد في مشيك واغضض من صوتك)**

**فجعلت أمشي رويداً رويداً وأترنم بالشعر ..**

**فقالت) : فاقرؤوا ما تيسر من القرآن )**

فقلت لها : لقد أوتيتم خيراً كثيرا
فقالت) : وما يذكر إلا ألو الألباب )
فلما مشيت قليلاً قلت لها ألك زوج ؟
قالت) : ياأيها الذين آمنوا لا تسألوا عن أشياء إن تبد لكم تسؤ كم )
فسكت ولم أكلمها حتى أدركت بها القافلة فقلت لها : هذه القافلة فمن لك فيها؟
فقالت : ( المال والبنون زينة الحياة الدنيا )
فعلمت أن لها أولاداً .. فقلت : وما شأنهم في الحج ؟
فقالت : (وعلامات وبالنجم هم يهتدون)
فعلمت أنهم أدلاء الركب فقصدت لها القباب والعمارات فقلت هذه القباب فمن لك فيها ؟
قالت : (واتخذ الله إبراهيم خليلاً) (وكلم الله موسى تكليما) (يايحى خذ الكتاب بقوة )
فناديت يا إبراهيم يا موسى يا يحي فإذا بشبان كأنهم الأقمار قد أقبلوا فلما استقر بهم الجلوس قالت
)فابعثوا أحدكم بورقكم هذه إلى المدينة فلينظر أيها أزكى طعاماً فليأتكم برزق منه (
فمضى أحدهم فاشترى طعاماً فقدموه بين يدي فقالت : (كلوا واشربوا هنيئاً بما أسلفتم في الأيام الخالية)
فقلت الآن طعامكم علي حرام حتى تخبروني بأمرها فقالوا هذه أمنا لها أربعين سنة لم تتكلم إلا بالقرآن مخافة أن تزل فيسخط عليها الرحمن .. فسبحان القادر على ما يشاء ..
فقلت: (ذلك فضل الله يؤتيه من يشاء والله ذو الفضل العظيم)

..............................................................................

## Vertreibe deine freie Zeit durch Arbeit

Der Prophet (sas) sagte: "**Es gibt zwei Gaben, die bei vielen Menschen zu kurz kommen. Die Gesundheit und die Freizeit.**" [Tirmidi]
Dieser Hadith bedeutet, dass viele Muslime den Wert dieser 2 Gaben nicht kennen und schätzen. Dies liegt daran, dass sie in Bezug auf diese Gaben nicht genügend rechtschaffene Taten verbringen, die sie im Jenseits aber benötigen und sie dann bereuen werden, dass sie ihre Lebenszeit vergeudet haben, wenn diese Gaben nicht mehr vorhanden sind. Doch ihre Reue wird ihnen nicht mehr von Nutzen sein. Allah sagt: "**Dies ist der Tag der Obervorteilung (, an dem jeder versucht, sich auf Kosten der anderen zu übervorteilen)**." [64:9]

Der Prophet (sas) sagte: "**Die Bewohner des Paradieses werden nur über eine Stunde bestürzt .sein, die an ihnen vorbeizog, .ohne dass sie in ihr Allahs gedacht haben**."
Über die Bedeutung hierüber sagen die Gelehrten, dass sich der Mensch dem Gehorsam gegenüber Allah nur widmen kann, wenn er gesund und unversehrt ist. Es kann sein, dass der Mensch das Bedürfnis nach dem Gedenken verspürt, jedoch erkrankt ist. Aber es kann auch sein, dass er gesund ist, aber das Bedürfnis hierfür nicht verspürt, weil er sich zu sehr mit dem Broterwerb beschäftigt und keine Zeit mehr hat, zu lernen und gute Werke zu verrichten. Wenn nun beides auf ihn zutrifft, dass er gesund und unversehrt ist und er sich gleichzeitig nicht aufraffen kann, Allah gegenüber gehorsam zu sein, so lasst er diese Gaben zu kurz kommen.

**Freizeit - im Westen häufig als Privileg betrachtet - ist eine gefährliche Falle, wenn man sie nicht richtig nutzt und verbringt, denn es handelt sich**

**dabei um Zeit, die man untätig *("frei")* verbringt**
Menschen, die ihr leben mit Freizeit ausfüllen, verbreiten falsche Gerüchte und Lügen, ihre Gedanken sind zerstreut: **"Sie gaben sich damit zufrieden, zu den Rückständigen zu gehören"**.
Die gefährlichste Situation für das Gehirn ist ein Tag, an dem sein Besitzer nichts zu tun hat, es verhalt sich dann wie ein irr herumrasendes Auto, das keinen Fahrer hat. Es wendet sich mal rechts mal links.
Wenn man an irgendeinem Tag nichts zu tun hat, breitet sich automatisch Kummer, Trübsal und Panik in der Seele aus. Diese Zeit des Nichtstuns. holt einem die Akten der Vergangenheit, der Gegenwart und der Zukunft aus den Aktenschränken des Lebens hervor. Man fängt an sich damit zu beschäftigen. Mein Rat an jeden - und auch an mich selbst - ist, dass man anstatt sich dem tödlichen Dosen - einem schleichenden Tod und Betäubungsmittel - hinzugeben, sofort damit beginnt, sinnvolle Tätigkeiten zu verrichten.
Nichtstun ähnelt am ehesten der langsamen Folter, die in den chinesischen Gefängnissen praktiziert wird, bei der der Häftling unter einem Rohr fixiert wird, aus dem jede Minute ein

Tropfen heraustropft, wobei der Gefangene in der Zeit, in der er auf den nächsten Tropfen wartet, allmählich dem Wahnsinn verfällt.
Ruhe ist ein Zustand der Achtlosigkeit, Freizeit ist ein Berufsdieb und dein Verstand ist die Beute, die in diesen zermürbenden Kriegen gerissen wird.
Steh also jetzt sofort auf und bete, lies, preise Allah, bilde dich, schreibe, ordne deine Bücher, repariere dein Haus, oder sei anderen nützlich, um diese freie Zeit zu Überbrücken dies ist mein dringender Ratschlag an Dich.
Schächte die Freizeit mit dem Messer der Arbeit, sämtliche Arzte der Welt werden dir 50 % deiner Glückseligkeit garantieren, wenn du dafür auf diese Notoperation eingehst. Schau dir die Bauern, Backer und Bauarbeiter an, die vor Freude und (innerer) Ruhe wie die Vogel Liedchen pfeifen wahrend du in deinem Bett liegst und dir die Tranen abwischst und wie ein Gestochener zitterst.
Und Allah sagt im Quran:

**"Die Allahs stehend, sitzend und auf der Seite (liegend) gedenken und über die Schöpfung der Himmel und der Erde nachdenken: "Unser Herr, Du hast all die_ nicht umsonst erschaffen. Preis sei Dir! Bewahre uns vor der Strafe des (Höllen)Feuers /i [3:191]**

*Aus la tahzan - Dont be sad von Aid A/qarni*
*(ilbers. Von Abu Hurayra)*

## ***Welche Farbe hatte der Hund?***

(Ein Grund warum Muslime heutzutage in solch einem schrecklichen Zustand sind?)

Es gab einmal eine Gemeinschaft von Muslimen, klein in der Anzahl aber gross im Iman und stark in ihren Taten. Sogar so sehr, dass die Ungläubigen sie in Schlachten nicht besiegen konnten, obwohl sie deutlich in der Überzahl waren.

Eines Tages, tat ein junger Mann von den Ungläubigen so, als ob er den Islam angenommen hätte, und ging zu einem Gelehrten an einem Ende der Stadt. Er nahm an seinem Unterricht über die Lehren des Quran teil. Das Thema an jenem Abend war zufällig die 18. Sura des Quran „Al-Kahf".

Nachdem der Scheikh sein Unterricht beendet hatte, gab er den zuhörenden Brüdern die Gelegenheit Fragen zu stellen. Als nun der Ungläubige an der Reihe war, fragte er den Scheikh: „In der Geschichte, von den „Bewohnern der Höhle", wird ein Hund erwähnt. Und ich frage mich, ob ich mich danach erkundigen dürfte welche Farbe wohl dieser Hund gehabt haben könnte? Ich hoffe meine Frage stört sie nicht, vor allem kann es ja sein, dass sie die Antwort dazu nicht kennen."

Sofort sagte der Scheikh zum jungen Mann: „Das ist überhaupt kein Problem! Jeder sollte wissen, dass die Farbe des Hundes GELB war.
Der junge Mann fragte: „Sind sie sich sicher? Ich meine, könnte es nicht eine andere Farbe gewesen sein?"
„Nein!", antwortete der Scheikh,

„Es war ganz bestimmt gelb!“ Der junge Mann bedankte sich bei ihm und ging seiner Wege.

Den nächsten Abend machte sich der ungläubige Mann auf den Weg und ging zu einem Unterricht auf der anderen Seite der Stadt. Auch hier wurden bestimmte Verse des Quran gelehrt, und darüber diskutiert. Als nun der Zeitpunkt kam, an dem der Gelehrte den Anwesenden die Gelegenheit gab Fragen zu stellen, hob der Ungläubige sofort seine Hand und fragte: „Im Kapitel über die „Höhle“, werden die Höhlenbewohner immer in verschiedener Anzahl angegeben, aber jedes Mal ist ein Verweis auf ihren Hund, der immer mit ihnen zusammen erwähnt wird. Nun frage ich mich, ob es überhaupt einen Hinweis von den Gelehrten darüber gibt, welche Farbe der Hund gehabt haben könnte?“

Der Scheikh sagte sofort: „Ja! Der Hund, der im Quran erwähnt wird, war SCHWARZ.“ Der Ungläubige war erfreut und fuhr fort: „Sind sie sicher, dass die Farbe des Hundes, welcher in der Geschichte erwähnt wird, schwarz war? „Junger Mann, ich würde meinen Ruf dafür aufs Spiel setzen.“, sagte der Scheikh.
„Danke.“, sagte der Mann und ging.

Am darauffolgenden Abend, ging der Ungläubige, der sich noch immer als Muslim ausgab, wieder zum ersten Gelehrten und als es dann wieder Zeit für Fragen und Antworten war, hob er die Hand und sagte: „Scheikh, möge Allah dich für deine Bemühungen und dein Wissen belohnen, und dass du dein Wissen mit uns teilst. Könntest du mir vielleicht noch mal die Antwort auf die Frage über den Hund der Höhlenbewohner, die ich vorletzte Nacht gestellt habe, geben?“
Der Scheikh sagte: „Es gibt keinen Zweifel darüber unter den Gelehrten! Der Hund war gelb. Und jeder, der etwas anderes behauptet, besitzt kein Wissen.“

Daraufhin sagte der Ungläubige: „Was würdest du sagen, wenn jemand gesagt hat, dass er seinen Ruf als Gelehrten aufs Spiel setze, für die Tatsache, dass der Hund nicht gelb sondern schwarz war?“
Der Scheikh erwiderte: „Dann ist sein Ruf nicht der Ruf eines Gelehrten, sondern der eines Narren!“

Danach ging der Mann zu jenem Scheikh, der die Meinung vertrat, der Hund sei schwarz gewesen. Er sagte ihm, dass der andere Scheikh ihn einen Narren genannt hätte und gesagt habe, dass dieser doch kein Wissen über den Islam besitze, und der Hund sei ganz sicher gelb gewesen.
Der alte Scheikh wurde zornig und schrie: „Sag ihm, dass ich gesagt habe, er sei derjenige ohne Wissen! Ich bin derjenige, der die beste islamische Akademie absolviert hat, während er selber nichts anderes ist, als ein Narr.“

Der Plan funktionierte! Es dauerte nicht lange und die Gemeinschaft der Muslime war in 2 Gruppen geteilt. Jede Gruppe war der Auffassung, dass ihr Scheikh derjenige mit der richtigen Antwort war. Kampf brach aus auf den Strassen, und die Muslime begannen sich untereinander zu bekämpfen. Alle wurden mit hineingezogen, sodass es keinen gab, der nicht in die schreckliche Lage involviert war. Überall gab es Geschrei, Diskussionen und Kämpfe.

**Und dann passierte es. Der Ungläubige ging zu seinen Leuten zurück und sagte ihnen: „Lasst uns gehen, und sie jetzt bekämpfen. Ihr werdet sie jetzt mit Leichtigkeit besiegen!“**

**Und dies war genau das, was sie taten!**
**Und haltet insgesamt an Allahs Seil fest, und zerfallet nicht, und gedenket der Gnade Allahs gegen euch.....(3:103)**

**Abu Yousuf**